# ሓቂ ኩዒትካ ዘይትቕበር ንዘኣልም ነባሪት ሂያብ ናይ ፈጣሪ

ብ መሓመድ ብርሃን ብላታ፣

## ናብ ኣቶ ቀለታ ኪዳነ:

ብቐዳምነት ኣብ ሃገራውን ሰውራውን ዝተሞርኮሰ ምውቕ ሰላምታይ የቕርበልካ:
ብምቕጻል ብመሰረት ኣብቲ ተዘኩሮታተይ ምስ ስውእ ስዩም ዑቕባሚካኣኤል ዘርእስቱ ብኢንተርኔት ኣቢለ ዝዘርጋሕኩዎ ጽሑፈይ ተሞርኪስካ ዘቕረብካለይ ኣርባዕተ ሕቶታትካ ብንጹር ተረዲኤየን። ሕቶታትካ ንተሞኩሮታትን ተረኽቦታትን ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ዝምልከትን ዝትክፍን ከምኡ ውን ንዓይ ዝምልከቱ ዘጠቓልሉ ከኾኑ ከሎዉ ንስኻ ካብ ገለ ገለ ሰባት ዝሰማዕካዮም እሞ ሓቅነቶም ንኽትፈልጥ ነቶም ኣብ ኣእምሮኻ ይኾኑ ኣብ ኣእምሮ ናይ ገለ ሰባት ካብ ነዊሕ እንዳዘምበዩ ዘሸግሩ ዘሎዉ ጉዳያት መብርሂ ንክህበካ ብቑሉዕ ምሕታትካ ብኣወንታ ስለ ዝረአኹዎ ከምቲ ንስኻ ኣቕሪብካዮም ዘሎኻ ዘይኮኑ ብታሪኾምን ኣመጻጽኦምን ሰርዐ ክምልሾም ክፍትን እየ።

1- ብጾት ስዩምን ወልደዳዊትን ቅድሚ ነስመራ ኣትዮም ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ናይ ጸላኢ ምእታዎም ኣብ ሱዳን ኣብ ከሰላ ምስ እስሰያስ ተራኪቦም ከም ዝነበሩ: ንሶም ኣብ ልዕሊ እሰያስ ዝነበሮም ጽልኢ ፖሎቲካዊ ይመስል ከም ዝነበረ እሰያስ ናይ ኣስራተ ካሳ ልኡኽ ከምዝነበረ: ከሓዲ ሙሉ ንስዩምን  ወልደዳዊትን ካእስሮም ከሎ ኢድ ናይ እሰያስ ከም ዝነበሮ ከም ዝሰማዕካ ጌርካ ገሊጽካዮ። ብወገነይ ዝብሎ ኩሉ'ዚ ካብ ሓቂ ዝረሓቐ እዩ እቶም ነዚ ዝዘርግሑ ሰባት ተዳናጊሮም ወይ ናይ ምድንጋር ባህርያት ዘሎዎም ክኾኑ ይክእሉ።እሰያስ 26 ዓመት ተቓሊሱ ኣብ 1991 ኣብ ኣስመራ ናጽነት ዝኣወጀ ሰብ እዩ፣
ነታ ብኣጋጣሚ ሃንደበታዊ መስዊእቲ ብጻይ ስዩም ተዘኩቶታተይ ምስ ስዩም ዝብል ብኢንተርኔት ኣቢለ ዝዘርጋሕኩዎ ጽሑፈይ ግዝየን ኩነታቱን ኣነጺረ ጽሒፈዮ ስለ ዘሎኹ ሃዲእካ ኣንቢብካዮ እንተትክውን እዛ ሕቶ ኣይምቐረበትን በሃላይ እየ ብዝኾነ ህውኽ ዝብእስ ቅርኒ ኣርሓ ይነክስ ከም ዝበሃል ንኹሉ ሃዲእካ ኣስትውዒልካን እንተ ሓዝካዮ ጽቡቕ እዩ እንዳበልኩ ነዐኣን ብዝያዳ ኣነጺረ ከብርሃልካ እየ ።

ኣነን ስዩምን ውልደዳዊትን ካብ ሱዳን ተበጊስና ንፖሎቲካዊ ዕማም ነስመራ ዝኣቶናሉ ግዜ ኣብ ወርሒ ሓምለ ናይ1965 እዩ ነይሩ ኣብቲ ግዜ'ቲ እሰያስን እቶም ካልኦት ናይ ዩኒቨርሲቲ ተማሃሮ ካብ ኣዲስኣበባ ንዓመታዊ ዕርፍቶም መጺኦሙሉ ኣብዝነበሩ ግዜ እዩ እቲ ርኽክብና ዝጀመረ: ስዩምን ወልደዳዊትን ምስቶም ካልኦት ተማሃሮ ካብ ነዊሕ ኣትሒዞም ኣብ ናይ ተማሃሮ ፖሎቲካዊ ስርርዕ ብሓባር ስለ ዝነበሩ ናይ ቀርባ ብጾት እዮን ነይሮም ኣነ ግን ንመጀመርታይ ኣብቲ ግዜ'ቲ እየ ተላልየዮም።

ድሕሪ ሓደ ወርሒ ከሓዲ ምሉ ሰሊሙ ስዩምን ወልደዳዊትን ኣብ መወዳእታ ወርሒ ነሓሰ 1965 ምስ ተኣስሩ እሰያስን እቶም ካልኦት ተማሃሮን ናብ ትምህርቶም ንኣዲስ ኣበባ ተመሊሶም ትምህርቶም ከም ዝቐጸሉ ይፍለጥ። ብድሕሪ ሓደ ዓምት ምእሳሮም ኣብ 1966 እሰያስ ናብ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ከም ዝተሰለፈ፣ ይፍለጥ እሞኸደኣ እሰያስ ልኡኽ ናይ ኣስራተ ካሳ ኮይኑ ኣብ ኣዲስ ኣበባ እንዳተማህረ ከሎ ኣብ ተ,ሓ, ኤ, ኣይተሰለፈ ብኸመይ ደኣ ይራኸቦም ነይሩ ንዝብል ሕቶ: እዚ ካብ ሓቂ ዝረሓቐ ዝተዘርገሐ ናይ ሓሶት ወረ እዩ ኔሩ እየ ዝብል: እቶም ነዚ ዝዘርግሑ ሰባት እሰያስ ብኸመይ ናይ ዩኒቨርሲቲ ኣዲስ ኣበባ ተማሃራይ ከሎ ንሱዳን ከይዱ ምስ ስዩምን ወልደዳዊትን ይራኸብ ከምዝነበረ ንዝብል ናዓይ ካብ ዓቕመይ ንላዕሊ ስለ ዝኾነ  ክምልሾ ኣይክእልን: ነቶም ነዚ ዝዘርግሑዎ ሰባት ሕተቶም ክይብለካ እሰያስ መልኣኽ  ተመሲሉ ብመንፈስ ወይ ኣብ ጋኔን ተቐይሩ ናይ

ምስዋር ባህርያት ስለ ዘሎዉ ብስዉር ይራኸብ ነይሩ 100% ርግጸኛታት ኢና ሃባ እድካ ክንምሕለልካ ኢሎም ኣብ ዘየድሊ ሃለውልው ከየእትዉኻ ማኣዝንካ ከየስሕቱኻ ንኹሎም'ቶም ኣብ ኣእምሮኻ ሰፊሮም ከሸግሩኻ ዝጸንሑ ሓሶታት ኣብ ናይ ታሪኽ ጎሓፍ ደርቢኻ ነጻ እንተኾንካ ይሕሸካ ከም ሓው ክመኽረካ።

2- <u>ካብቶም 38 ጠቕላል መሪሕነት ( ቅያዳ ዓማ ) ሓደ ስለ ዝነበርኩ ብዛዕባ ናይ ብስርየት ኣዲስ ትፍለጥ ዝነበረት ሓበሬታ ክህበካ ሓቲትካኒ</u>: ኣብዚ ጉዳይ'ዚ ክብሎ ዝደሊ እንተሃልዩ: ኣነ ዝፈልጦ ብመሪሕነት ደረጃ ዝተወሰደ ውሳኔ ወይ ስጉምቲ ተወሲዱሎም ዝብል ኣነ ዝፈልጦ ዝቐረበ ጸብጻብ ክምዘይነበረ ከብርሃልካ ይፈቱ። ብምቕጻል ተጋደሎ ሓርነት ኤርትራ ልዕሊ ሰላሳ ዓመት ዝገበረ ውድብ ከም ዝኾነ ኩሉና ኣይንስሕቶን: ይኹን'ምበር ኣብዚ ዝተናውሐ ቃልሲ ኣዝዩ መርርን ብዝተሓላለኹ ጽንኩር ኩነታትን ክሓልፍ ከሎ ኣብ ክሊ እዚ መስርሕ'ዚ ብባዕሎላውን ወድዓውን ኩንታት ተገዚኡ ኣወንታውን ኣሉታውን ጎድንታት ክህልውዎ ባህሪያዊ እዩ: ነቶም ኣሉታዊ ጎድንታት በብግዜኡ ኣዝዮም ዝተሓላለኹ ገሊኦም ንሕብረተሰብ ኤርትራ ዝትንከፉ ጸገማት እንዳተቐልቀሉ ንሰውራ የሸጉሩዋን የሳቕዩዋን ከም ዝነበሩ ይፍለጥ: ይኽን'ምበር ህዝቢ ኤርትራ ብሓያል ቃልሱን ተወፋዩነቱን ንኹሎም እቶም ዝተራእዩ ጽገማት ስጊሩ: ወላእካ ኩሉም ኣሉታዊ ካብ ሱሮም ተማሕዮም ጠፊኦም ክንብል እንተዘይደፈርና ግን ብኣወንታዊ ስለ ዝተዓብለሉ ህዝቢ ኤርትራ ሰላሳ ዓመት ተቓሊሱ ከቢድ መስዋእቲ ከፊሉ ካብ ዓልየትን ወገንን ሃይማኖትን ናይ ድሑር ዝምባልሌ ስምዒታት ነጻ ኮይኑ ሓድነቱ ኣረጋጊጹ እርትራ ናጽነታ ኣርጋጊጻ ኣባል ማሕበረተሰብ ዓለም ክትከውን ምብቀዓ ህያው ዝኾነ ምስክር ኮይኑ ዓቢ-ሓበንን ኩርዓትን እዩ።

እዚ ክብል ከሎኹ እቶም ዘሰክፉ ኣሉታዊ ጉዳያት ኣብዚ ናይ ስላሳ ዓመት ተሞኩሮ ጌጋ ኣይተገብረን ዝብል ኣካል ኣንተ ሃልዩ ንሱ ኣካል ናይቲ ፍጻሜ ክኸውን ይኽእል: ይኹን'ምበር ሰብ ኣብ ቑኑዕን ንኹሉ ዘዕግብ መደምደምታ ክብጻሕ እንተ ኾይኑ ምስቶም ሳዕቤናት ጠንቅታት ውን ክፍተሹ ክኽእሉ ኣሎዎም ኣብቲ ናይ 30 ዓመት ዝተኻየደ ቃልሲ: ሰውራ ኤርትራ ንምድምሳስ ብወገን ጽላኢ ዘይተፈተነ ዘይተገብረን ኣይነበረን: ጠንቅታት ሃልዮም ሳዕቤናት ኣኽቲሎም ዝተወሰዱ ስጉምቲ እንተሃልዮም ቅኑዕ ነይሮም ይብል የሎኹን ግን ንኽሉ ብኣልማማ ፍርዲ ክትህበሉ ኣብ ቑኑዕ ክመርሓካ ስለ ዘይክእል ሓቀኛ መጽናዕቲ ክግበረሉ ክኽእል ኣሎዎ እየ ዝብል። ኣብ መወዳእታ ናይ ህዝቢ ኤርትራ ሓላፍነት ኮይኖም ግዝየን ኩነታትን ሓሊኻ ተገዲድካ ተጸቢኻ ኣብ ኤርትራ ሕግን ፍትሕን ሃልዩ ንህዝቢ ዝውክላ ሓቀኛ ሰልፍታትን ነጻ ፐረስን ተፈቒዱ ኤርትራ ብቕዋም ክትማሓደር ምስ ጀመረ ጥራሕ እዩ ተሓቲቱሎ መዕለቢ ክግበረሎም ዝኽእል በሃልይ እየ።

ኣነ ወላ ካብቶም 38 ጠቕላል መሪሕነት ይንበር ኣቦ መንበሮም ወይ ናቶም ዕላዊ ልሳን ስለ ዘይነበርኩ ብዛዕባ'ዚ ክዛረብ ሓላፍነት የብልይን: ወላ ዝዛርብ ሰብ እንተሃልዩ ውልቃዊ ኮይኑእዩ ዝተርፍ: ንስኻ ውን ካብ ናይ ሰላሳ ዓመት ተመኩሮ ነዛ ናይ ስርየት ኣዲስ ከምቲ ዝጠቐስካዮ ቁንጭል ኣቢልካ ንህዝቢ ክርስትያን ወኪልካ ክትዛረብ ኣብቦቱኡ የለን ክብል ከሎኹ ነቶም ኩሎም ብሓፈሽኡ ኣብ ሰውራ ኤርትራ ዝሕተትሎም ጉዳያት ኣብ መወዳእታ ብቐጥታ ንህዝቢ ስለ ዝምልከቱ ህዝቢ ኢርትራ ብሙሉኡ እዩ ሓላፍነት ወሲዱ ብጉብእ ዝሓተሎም: ስለ ዝኾነ ንህዝቢ እንተገደፍናሉ ይሓይሽ ብሃላይ እየ።

3- <u>ኣብ መሪሕነት ጀብሃ ከሎኻ ብስውር ንሻዕብያ ተገልግል ስለ ዝነበርካ እሰያስ መስኪሩልካ ኣብ ጉባኤ ተመርጽካ</u>: ዝብሉ ቤላቤሎው ኣሎው'ሞ ከመይ ትርእዮ ንዝብል ብቕሉዕ ምሕታትካ እንደጌና እንዳኣመስገንኩ: እዝስ ዘበን ግርምቢጥ ማይ ንዓቐብ ከም ዝበሃል እቶም ነዚ ዝዘርግሑ ሰባት ታሪኽ ሰውራ ኤርትራ ብግቡእ ዘይፈልጡ ብዓልብታዊ ዓቕሞምን ተረኦምን ናይ ምግምጋም ዓቕሚ ዘይብሎም ብምንሸሮ ስውራን ሃገርን ጥራሕ

እየ ክገልጾም ዝኽእል: ኣነ መዓስ ከምቶም ገሊኦም ውሑዳት ናጽነት ዓዲሶግዶ ወይ ዓዲኾቶዮ በጁሓ ስልጣን እንተረኽብኩ ኢለ ዝወጻእኩ ኣይኮንኩን እሰያስ ተዛሪቡሉ ንኽበሃል: ደፈረ እዚ ክብል ከሎኹ ካበይ ተበጊሰ እየ ተራይ ኣብ ሰውራ ኤርትራ እንታይ እዩ ካብ መዓስ ጀሚረዮ ንዝብሉ: ኣነካ ብባህርያተይ ልዕሊ ህዝብን ጀጋኑ ስዋትናን ብዝኾነ መዐቀኒታት ስለ ዘይኮንኩ ብዛዕባ ነብሰይ ተዛሪበ ኣይፈልጥን ሕጂ ግን ኣነ ከም ገዲም ተጋዳላይ እቲ ዝህቦ መልሲ ካብ መሰረቱ መታን ዝተማአ ክኸውን ኣብ ዝርዝር ክእቱ እየ።

ኣነ ኣብ ከተማ መንደፈራ ተወሊደ ዝዓበኹ ኣብ ቤት ትምህርቲ ሳንጆርጆ ከሎኹ ኣብ ንኡስ ዕድመይ ኣብ 1960 ዓ, ም,ፈ. ኣብ ምንቅስቓስ ሓርነት ኤርትራ (ማሕበር ሸውዓተ) ተወዲበ ሓደ ካብቶም ጽዑቕ ምንቅስቕስ ዘካይዱ ዝነበሩ ተማሃሮ ከም ዝነበርኩ ይፍለጥ።

መስከረም 1961 ብጅግና ስውእ ሓምድ እድሪስ ዓዋቴ ናይ መጀመርታ ጥይት ሰውራ ምስኣብሰረት ኣነ ከም መንእሰይ ብረት ዓጢቕካ ተዋጊእካ ንስርዓት ሃይለስላሴ ኣገዲድካ እንተ ዘኮይኑ ብሰላማዊ መንገዲ ናጽነት ክትመጽእ ከም ዘይትኽእል ስለ ዝበጻሕኪዎ ናይ ምስላፍ ከም ሕቶ ኣብ ኣእምሮይ ኣስፈረ መልሲ ክረኽበሎም ብዙሕ ጽዒረ ኣብ 1963 ኣብ ውድብ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ካብቶም ኣብቲ ግዝ'ቲ ኣብ ኣስመራን መንደፈራን ካብ 50 ሰብ ዘይበዝሑ ዝነበሩ ሓደ  ክኾውን ዕድል ረኺበ እቲ ናይ ፈለማ ኣብውድብ ተ, ሓ, ኤ, ኣባልነት ክረክብ ዕድል ምስ ከፈተልይ ኣነ ውን ንገለ ካብ'ዞም ዝጠቕሶም ኣብ ምውዳቦም ግደ ዝነበረኒ ማለት ኣብ ዓመት1963 ክሳብ ኣነ ንሜዳ ዝወጻእኩሉ 1964 ኣባላት ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ  ዝነበሩ ክዝክሮም;

1: ያሲን ኸሊፋ ኣደም ኣብ ከረን ተወሊዱ ዝዓበየ ኣብ ኣስመራ ጎረባብቲ ስለ ዝነበርና ኣብ ፖሎቲካ ክግደስ ምስ ረአየኒ ብዙሕ ተኻታቲሉኒ ኣብ ዕግበት ምስ በጽሐ ሽዑ ኣባል ውድብ ተ, ሓ, ኤ, ክኸውን ተቐቢሉኒ:   ካብቶም ቀዳሞት ኣባላት ዝነበሩ ክዝክሮም:

1- ሙሳ መሓመድኑር:
3- ስውእ መሓመድ ብርሃን ነጋሽ
4- ኣላሚን ጋሽ
5- ቀንዝማች ሰነባራ ደመና
6- ስውእ ሼኽ ሳልሕ ሓምድ ሼኽ መስጊድ ዓዱልቓድር ዲላኒ ኣስመራ
7- መሓመድ እስማዒል ዓብዱ
8- ስውእ ጣህር ሓጅ ኢማም ሙሳ
9- ስውእ ስራጅ ኣሕመድ
10- ስውእ ይዕቆብ መሓመድ ያዕቆብ
11- ስውእ ጳውሎስ ደጊያት ስብሀቱ
12- ኣሕመድ ዕግርግር
13- ዓብዱሰላም መሓመድ ሑሩይ
14- ስውእ ሓሰን ስዒድ ዓቢ ዓዲ
15- ስውእ መምህር ሃይለ ወልደንኪኤል ደግያት መሓሪ
16- መሓሪ ደበሳይ
17- ስውእ መምህር መሓመድ ሓጂ ዓብደልቃድር
18- ወልዳይ ግደይ
19- ኢብራሂም ኣማን ጀሃር
20- መሓመድ ብርሃኑ መሓመድ
21- ኣደም ዓጣ ኣደም
22- ደበሳይ ፋርማሲ መንደፈራ
23- ሓጅ መሓመድ ስዒድ ዓብደልሓይ
24- ስይድ ዓሊ ሰይድ

25- ጃዕፈር መሓመድ ጃዕፈር
26- መሓመድኑር ከሊፋ ሓጀ ጣህር
27 ዓብደልቃደር መሓመድ ብርሃን
28 መምህር ክያር ዓብደልቃደር
29 መምህር ኑሩ ብርሃኑ ሃጎስ ዓብድየ
30 መሓመድ ሓድሽ ዓብደልሓሲ:

1- 2 ኣብ ወርሒ ሰነ ናይ 1964 ዓምፈ ኣብ መስርዕ ሰራዊት ሓርነት ኤርትራ ተሰሊፈ:

1- 3 ኣብ ወርሒ ጉንበት ናይ 1965 ስዩም ዑቕባሚካኤል ፖሎቲካዊ ሓላፊ ናይ ሳልሰይቲ ክፍሊ ኮይኑ ስለ ዝተመደበ ኣነ ምኽትሉ ኮይነ ጸኒሐ ምስተኣሰረ ንቦትኡ ተኪኤ ናይ ሳልሰይቲ ክፍሊ ማለት ሓማሴን ሰራየ ኣከለጉዛይ ሓላፊ ፖሎቲካ ኮይነ ጉዕዞይ ቀጸልኩ:

1- 4: ኣብ 1969 ኣብ ጉባአ ኣዶብሓ ኣባል ጠቕላል መርሕንት (ቅያዳ ዓማ) ተመሪጸ ኣብ ፖሎቲካዊ ክፍሊ ምስ ስውእ ማሕሙድ ቸኪኒ እሰያስ ኣፍውርቂ ዓምር ሸሃቢ ኣሕመድ ሃይቲን ሳልሕ ፍካክ ኮይነ ኣብ ወጻኢ ዝምድናታት ኣብ ሱዳን ተመዲበ።

1- 5: ኣብ 1971 ቀዳማይ ሃገራዊ ጉባኣኤ ተ, ሓ, ኤ ካብቶም 15 ሓደ ኮይነ ኣብ ወጻኢ ዝምድናታት ካብቶም 4 ኣባላት ሰውራዊ ባይቶ ከምዝነበርኩ ይፍልጥ:

1- 6: ድሕሪ ካላኣይ ሃግራዊ ጉባኤ ተ, ሓ, ኤ, ኣብ መሪሕነት ኣይነበርኩን ግን ኣቦ መንበር ምምሕዳር ናይ ሕብረተሰብኣዊ ጉዳያ ቤጽ ኮይነ ቃልሰይ ከካይድ ጸነሒ።

1- 7: ኣብ 1984 ናይ ተ, ሓ, ኤ,ዝተኻየደ ንኡስ ኮንፈረንስ ኣባል ሰውራዊ ባይቶ ክምረጽ ከሎኹ ወኪል ውድብ ኣብ ቤት ጽሕት ከሰላ ምስ ተመደብኩ ኣብኡ ንነዊሕ ግዜ ስለ ዝጸናሕኩ ኣብ ቤት ጽሕፈት ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ዝመርሑ ዝነብሩ ገዳይም ተጋደልቲ ኣብ ተ ,ሓ ,ኤ ዝነብሩ እሞ ኣነምስኦም ኣፍልጦ ስለ ዝጸንሓኒ ንሳቶም ሙሳ ራብዓ ዓብደላ ኣደም ግርማይ መሓሪ ኣስመሮም ግረዝጊህር ክኾኑ ከሎዉ ካብዚ ሓቅታትን ኩውንነትን ብምብጋስ ንሕብረተሰብ ኤርትራ ኣጽቢቐ ንኽፈልትጦ ድሕሪ ምስላፈይ ዕደል ስለ ዝረኸብኩ ንሓድንት ሓይልታት ሰውራ በቲ ዝውንኖ ዓቕመይ ካብቶም ብዙሕ ዝጸዓሩ እየ እንተበልኩ ካብ ሓቂ ዝረሓቐ ኣይኮነን ንዓይ ከኣ ይኽርዓንን ይሕብነንን።

ተካድሎ ሓርነት ኤርትራ: ህዝባዊ ሓይልታት: ህዝብዊ ግንባርን ኩሎም ኣብ ዕላማ ስለ ዘይፋላለዩ ሃገራዊያን ሓይልታት እዮም: ካብዚ ሓቅታት'ዚ ብምብጋስ ብዝሓት ኣብ ዝተፋላለዩ ቦታታት ንሃገራዊ ሓድንት ዝምልከቱ ፖሎቲካዊ ዘተታት ተኻይዶም እዮም። ገለ ካብኣቶም ንምጥቃስ ኣብ መጀመርታ ዓመት ናይ 1974 ኣብ መንጎ ኣባላት መርሕነት ተ, ሓ, ኤን መሪሕነት ህዝባዊ ሓይልታት ወኣተሃደራዊ ሽማጋልለ: ብጻዕርታት ናይ መንግስቲ ደቡባዊት የመን ክኾውን ከሎ ኣብቲ ዘተ ዝተረኽቡ

1- ሳልም ረቢዕ ዓሊ ፕረሲደንት ሃገር ደቡባዊት የመን ነቲ ዘተ ዘማእከሉ:
2- ዓብዱልፈታሕ እስማዒል ዋና ጸሓፊ ህዝባዊ ዶሞክራሲያዊ ግንባር ደቡብ የመን:
3- ሳልሕ ምስሉሕ ውሽጣዊ ጉዳያት ሚኒስተር

ካብ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ:

1- ሑሩይ ተድላ ባይሩ ቃዳማይ ምኽትልን ሓላፊ ፖሎቲክ ናይ ውድብ ተ, ሓ, ኤ
1- ሳልሕ ኣሕመድ እያይ ኣባል ሰውራዊ ባይቶ ሓላፊ ወጻኢ ዝምድናታት:
2- መሓመድ ብርሃን ብላታ ኣባል ሰውራዊ ባይቶ ኣባል ወጻኢ ዝምድናታት:
3- መሓመድ ዑመር የሕያ ተሓጋጋዚ ቤት ጽሕፈት

ካብ ህዝባዊ ሓይልታት

1- ሮሞዳን መሓመድኑር ኣቦ መንበር ወተሃደራዊ ሽማግለ ህዝባዊ ሓይልታት
2- እሰያስ ኣፍወርቂ ዋና ጸሓፊ ወተሃደራዊት ሽማግለ ህዝባዊ ሓይልታት

ክኾኑ ከሎው ኣብቲ ዝተኻየደ ዘተ እቲ ኣብ መንጎ ክልተ ውድባት ዛጊት ተጀሚሩ ዝነበረ ሕድሕድ ኲናት ደው ክብል ምጽልላም ተሪፉ ናብ ሓድንት ከቀራርቦ ዝክእሉ ፖሎቲካዊ ኣርእስትታት ሃልዮም ኣብ ሰራዊትን ህዝብን ጎስጋስ ክግበረሎም: ክልቲኡ ውድባት ናብ ጉባኤ ገጹ ይኽይድ ስለ ዝነበረ ኣብቲ ጉባኤ ናብ ሓድንት ዘብጽሑ

ኣገደስቲ ውሳኔታት መታን ክህልዉ ጻዕርታት ምክያድ ዝብሉ ብምንባሮም ትርጉም ናይቲ ዘተ ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ ነይሩ ክበሃል ይከኣል።

ካብዚ ሓቅታት'ዚ ብምብጋስ ድሕሪ ካላኣይ ሃገራዊ ጉባኤ ተ, ሓ, ኤ, ቡዙሓት ዘተ ተኻይዶም ኣብ ናይ ሓባራዊ ስምምዓት ዝተበጽሑሎም ውሑዳት ኣይነበሩን ናይ ዘይ ምዕዋቶምን ኣብ ዝለዓለ ደረጃ ናይ ሕድሕድ ኪናት ምእታው ፍሽለት ናይ መራሕቲ ክልቲኣን ውድባት እዩ ነይሩ ክብሃል ይከኣል።

ሕድሕድ ኪናት ተወሊዑ ብምእታው ተ, ሓ, ኤ ንሱዳን ይደምደም ደኣምበር እቲ ጻዕርታትን መዓልታዊ ርኽክባትን ምስ ውድብ ህዝባዊ ግንባር ስለ ዘየቃረጸ ኣቲ ናይ ክልቲኡ ውድብ ናይ ተጠንቀቕ ኩነታት እንዳሃድአ ባህርያዊ መልክዑ እንዳሓዘ ምስ ከደ: ነዚ ንምሕያል ተባሂሉ <u>ኣብ 1986 ኣነን ብጻይ ገረዝጊሄር ተወልደን</u> ንተጋድሎ ሓርንት ኤርትራ ውኪልና ኣብ ሳሕል ዓንበርበር ማእከላይ መደበር መሪሕነት ህዝባዊ ግንባር ምስ ሮሞዳን መሓመኑርን እሰያስ ኣፍውርቅን ጴጥሮስ ሰሎሙንን ተራኺብና ኣገደስቲ ነጥብታት እዮም ንብሎም ኣልዒልና ድሕሪ ነዊሕ ግዜ ዝወሰደ ናይ ምርድዳእ መንፈስ ዝዓብለሎ ምምይያጥ ኣብ ናይ ሓባር ምርድዳእ ዝተበጽሁሎም ዝሓዝናዮም ነጥብታት ብመልክዕ ጸብጻብ ናብ መሪሕነትና ኣቕሪብናዮም። ዝምድና ናይ ክልቲኡ ውድብ እንዳማዕበለ ስለ ዝኸደ ኣብቲ ኣብ ባሕቲ መስከረም ናይ 1986 ብኣጋጣሚ መበል 25 ዓመት ምጅማር ብረታዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ዝተገብረ ናይ <u>እዮቤልዩ</u> ዓቢ ጽምብል ብወግዒ ዕድመ ስለ ዝተላእከልና ኣነ ንተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ውኪለ ኣብ መድረኽ ኣብቅድሚ ብኣሻሓት ዝግመቱ ተሳተፍቲ ብሽም ተ,ሓ,ኤ ዘቕረብኩዎ ቃል ውድብ ትሑዝተኡ ናይቲ ተጀሚሩ ዝነበረ ምቅርራብ መንፈስ ናብ ምሉእ ናይ ክልቲኡ ውድባት ሓድነት ዝእንፍት ስለ ዝነበረ ሓድሽ ብሩህ ተስፋ ክፊቱ ተሳተፍቲ ጽንብልን ህዝቢ ኢርትራን ብዓቢ ሓጎስ ተቐቢሎሞ እዮም።

እቲ ምቅርራብ እንዳማዕበለ ስለ ዝኸደ ነቲ ኣነን ብጻይ ገረዝጊሄርን ዘቕረብናዮ ጸብጻብ ምርኩስ ብምግባር መሪሕነት ናይ ተ, ሓ, ኤ, ብኣቦመንበር ኣሕመድ ናስር ናብ ሳሕል ከይዶም ተራኺቦም ክልትኡ መርሕነት ኣኼብኡ ጀሚሩ ድሕሪ ኣብ ዓቢ ሃገራዊ ሓላፍነት ዝተሞርኮሰ ህናጼ ዘተ ውጽኢቱ ኣወንታዊ ኮይኑ በብተራ እትምእከል ናይ ሓባር ናይ ክልቲኡ ውድባት ኮምቴ ኣቚሙ: እቶም ኣብ ኣኼባ ተሳቲፎም ኮምቴ ዘቖሙ መራሕቲ ክልተ ውድባት

ካብ ወገን ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ:

1- <u>ኣሕመድ መሓመድ ናስር ኣቦ መንበር ውድብ ተ, ሓ, ኤ,:</u>
2- <u>ኢብራሂም መሓመድ ዓሊ ኣባል ፈጻሚት ሽማግለ:</u>
3- <u>ተስፋይ ወልደሚካኤል ደጊጋ ኣባል ፍጻሚት ሽማግለ፥</u>

ካብ ውድብ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ:

1- <u>ሮሞዳን መሓመድ ኑር</u>
<u>2- እሰያስ ኣፍወርቂ</u>
<u>3-</u> ሃይለ ወልደትንሳኤ ( ድሩዕ )

ክኾኑ ከሎዉ ናይተን ኮሚቴ ኣኼባ ኣብቲ ዝወሰኑዎ ግዜ ክቅጽል ኣብ ስምምዕ ምብጻሖም ዓቢ ተስፋ ዝህብ ስጉምቲ እዩ ነይሩ ክብሃል ይከኣል።

እቲ ምቅርራብ እንዳማዕበለ ስለ ዝኸደ ኣብ 1987 ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ብመሰረት ዝተግብረላ ወግዓዊ ዕድመ ተስፋይ ወልደሚካኤል ( ደጊጋ ) መሓመድ እድርስ ሑመዳይን ንውድብ ወኪሎም ኣብ ውድባውን ሓድነታውን ጉብኤ ህዝብዊ ግንብርን ማእከላይ መሪሕነት ሳግምን ተሳቲፎም ንሓድነት ዝእንፍት ቃል ውድብ ምሃብ ነቲ ምቅርራብ ኣዝዩ ዘሐይልን ነቲ ሰናይ ተበጉሶታት ዘንጻባርቕ ምንባሩ ኣብ ታርኽ ሰውራ ኤርትራ ሓድሽ ምዕራፍ ከፊቱ እዩ።

እቲ ርኽክብ ኣዝዩ እንዳማዕበለ ከይዱ እቲ መዓልታዊ ናይ ሓበሬታ ምልውዋጥን ዝካየድ ዝነበረ ምቅርርብን ዕድሜታትን ናይ ፍላይ ማንታእምበር ናይ ካልእ ኣይመስልን እዩ ነይሩ።
ኣብ 1988 ብጅግና ህዝባዊ ሰራዊት ባራንቱ ምስ ተታሕዘት ብብጻይ ኣሕመድ መሓመድ ናስር ዝተጻሕፈት ናይ እንካዕ ኣሐጎሰኩም: ሓጎስኩም ሓጎስና እቲ ዓወት ናይ ኩሉና ትገልጸ ደብዳቤ ምልኣኹ ጽቡቕ ሃገራውን ሰውራውን መርገጽ እዩ ነይሩ:

ኣብ 1988 ስርዓት መንግስቱ ንሰውራ ኤርትራ ፈጺምካ ካብ ህላውነታ ንምድምሳስ ብርእሰ ሓያላን መንግስታት ብማእለያ ዘይብሎም ከበድትን ዝተራቐቁ ዘመናዊ ኣጽዋርን ናይ ስትራትጂ ክኢላታት ኣማኸርቲ ውን ከይተረፉ ተደጊፉ ኣብ ዝቃራረበሉ ዝነበረ ግዜ ወላእካ ብውድብ ደረጃ ናይ ምስታፍ ዓቕሚ ኣይንበረና እቲ ህሞትሲ ናይ ኩሉና እዩ ነይሩ: ካብዚ ሓቐኛ ሃገራዊ ስምዓት'ዚ ብምብጋስ ኣብቲ ግዜ'ቲ ተ,ሓ,ኤ ነቲ መንግልስቲ ሱዳን ኣራጊፉዎ ዝነብረ ዕጥቂ ሰራዊት ተ, ሓ, ኤ ክወሃበና ብተደጋጋሚ ንሓተሉ ስለ ዝነበርና ክፉል ናቱ ክወሃበና ምኻኑ ምስ ተነጊሩና: ነቲ ኩሉ ዝወሃበና ብረት ዝጸውር ዓቕሚ ሰራዊት ስለ ዘይንውንን ኣብ እንታይ ይገበር ዝብል ሕቶ ኣቲና: እቲ ዝኣኽለና ወሲድና እቲ ዝተረፈ ንመንግስቲ ሱዳን ኣየድልየናን እዩ ክንበሎም ወይስ ኩዒትና ንቕበሮ ንፍልሖ ንሃቦ ዝብል እዩ ነይሩ: መሪሕነትና ኣብ ዘካየዶ ኣኼባኡ እቲ ዓቕምና ወሲድና እቲ ዝተረፈ መብዛሕትኡ ኣድላይ ጠያይት ናይ ከቢድ ብረት ሽውዓቴ ጽዕነት መኪና ሎሪ ብሓላፊ ወተሃደራዊ ቤት ጽሕፈት ብጻይ ዓብደላ ሓሰን ተሰንዩ ኣብ ባርካ ከይዱ ንህዝባዊ ግንባር ምርካቡ ወላ ዓቢ ለውጢ ዘምጽኣሎም ኣይኹን እቲ ሰናይ ድልየትን ዓቢ ሃገራዊ ስምዒትን ብምንባሩ ኣብ መዝገብ ታሪኽ ሰፊሩ ክዝከር ክነብር እዩ።

ካብዚ ታሪኻዊ ሓቕታት'ዚ ብምጋስ ብናይ ሓባር ምርርዳእ ንቃለስ ስለ ዝነበርና መሪሕነት ሰውራዊ ባይቶ ብርሃን ብላታ ናይ ሻዕብያ እዩ ነይሩ ክብሉ ከም ዘይደፍሩ እኣምን እየ: መንደኣ ንዝብል ሕቶ ግን ኣብ ክልተ ከፊልካ ክራአዩ ይኽእሉ: እቶም ሓደ: ኣብ ክሊ እቲ ውድብ ብኣጻብዕቲ ዝቑጸሩ ሰባት ካባ ሰውራ ተኸዲኖም ሓድነት ህዝቢ ኤርትራ ዝዝርጉ ተንኮልን ሓሶትን ክኣልሙ ዝሓድሩ ጉዙኣት ዓልየትን ወገንን ዝኾኑ ቤላበለው ዝስንቆም ምውድኽዳኽን ምልኻዕን መዓልታዊ መደብ ዝስረሖም ኣይተሳእኑን።

እቶም ካልኦት ግን መርዛማት ሓደገኛታት ኣካል ናይ ሃይለ ስላሴን ተግበርቲ ስትራትጅኡ ኮይኖም ካብ መጀመርታ ኣብ ኤርትራ ዝጸፈዮም ሓሰውቲ ኣይተሳእኑን: ብኸመይ ንዝብል ሕቶ: ህዝቢ ኤርትራ ብዘይ ድልየቱ ኣብ ትሕቲ ዘውዲ ሃይለስላሴ ኮይኑ ብፌደርሽን ክመሓደር ዝብል ዘይፍትሓዊ ውሳኔ ሑቡራት መንግስታት ከም ዝነብረ ኩሉና ኣይንስሕቶን። እምበኣር ካብዚ ክውንነት'ዚ ብምብጋስ ኣብ 1952 ሃይለ ስላሴ ንመጀመርታ ንእርትራ ክኣቱ ከሎ ብመረብ ኣቢሉ ኣብ ከተማ ዓዲኻላ እዩ ዓስኪሩ እቲ ንህዝቢ ኤርትራ ብሃይማኖት ናይ ምክፍፋል መደቡ ኣብኡ ተሃንዲሱን ተሓንጺጹን: ምኽንያቱ ካብ እንዳ ደጊያት ወልደገዮርግስ ጀሚርካ ብዙሓት ሓያላት ሃገራውያን ንኢትዮጵያ ኣይንንብርከኽን ዝብሉ ስለ ዝነብሩ ሃይለስላሴ ስለ ዘይተኣማመነ ኣብኣ ኮይኑ እዩ ስትራትጅኡ ሓንጺጹ ኣብ ኣስመራ ምስኣቶወ ኣጸቢቑ ኣደልዲሉ ናብ ኩለን ከተማታት አርትራ ከምዝዝርጋ ገይሩዎ: ንሱ ኻኣ ኤርትራ መታን ፈጺማ ክትንብርከኽ ኣካል ናይ ኢትዮጵያ ክትከውን ምእንቲ ንህዝቢ ኤርትራ ብሃይማኖታት ፈላሊኻ ነንሕድሕዱ ኣገራጪኻ ግዛእ ስለ ዝነበረ: ነዚ ዘትግብሩ በብደረጀኦም ዓበይቲ ብዋጋ ክብሪ ሃገር ንገዘብን ሽመትን ቆሉዑት ንሎቕመጽመጽ ውን ከይተረፉ ሰሪዑ: ኣእዛኖም ገቲሮም ጽን ዝብሉ መርዛም ዝኾነ ዛረባታት ዝዝርግሑ ቃርማታትን ወይጦታትን ሽዑ ሃይለስላሴ ዝጸፈዮም እንቃቐሖኡ ልክዕ ከም HIV VIRUS ወላ ን20 ዓመት ኣድብዮም ጸኒሖም ኣብ ምቹእ ግዜ ዝረኽብሉ ከጥቅዑ ዝፍትኑ ኣሎዉ: ከም በዓል ኣብራሃም ዮሃንስ: ምስ ስርዓት ሃይለ ስላሴ ክሰርሑ ዝጸንሑ

ደርጊ ምስ መጸ ሃይለስላሴን መሳፍንቱን ምስ ተቐንጸሉ እታ ፋይልና ተረኺባ እያ ከየርከበና ከይቀንጸለና ኤሎም ኣብ ደሞም ዝሰረጸ ግብሮም ሓቢኦም ሕብሮም ቀይሮም ክሳብ ናብ ሰውራ ዝተሰለፉ ኣይተሳእኑን: ጀብሃ ዓባይ ዜጋታትና እዮም ተናዚዞም ኣብልቦም ተመሊሶም ይኸኑ ብምባል በቲ ዓቢ ለዋህ ልቦነኣ ምስ ኩሉ ዕቃበታታ ምሒራቶም: ግን እከይ ግብሮም ሓቢኦሞ ደኣምበር ባህርያቶምሲ ኣየጥፍኡን: ሎሚ እንተርኤት ረኺቦም ዘበን ውርውራ ነብሰኻ ኣይተዕብራ ዝዓይነቱ ቀደም <u>ንጉሶም ሃይለ ስላሴ ኣስላም ወንበዴች ይብል ነይሩ ሕጂ ንሱ ዝጸፈዮም ኣስላም ጀሃድ</u> እንዳበሉ ከይሓፈሩ ሃገር ዝዝንጥሉ ንተጋደሎ ሓርነት ኤርትራ ካብ መስራቲኣ ጅግና ስውእ ሓምድ ዓዋተ ጀሚሮም ድማ ንኹሉ ባኣልማማ ጀሃድ እዮም ክብሉ ዘጸልሙ ኣይተሳእኑን ንኣብነት ከም በዓል <u>ኣብረሃም ዮሃንስን: ናይ ዘመን ወይጦ</u>: ብነብሶም ስለ ዘይተኣማመኑ ከም ነፋሒቶ ዓዲ ጎሓሉ ሕብሮም እንዳቐያየሩ ኣስማቶም እንዳለዋወጡ ኣብ ህዝቢ ኤርትራ ጥራሕ ዘይኮነ ብደረጃ ናይ ዓለም ሓሓሊፎም ክተናኽፉ ዝፍትኑ ከም እንፍለወንዛ ጨራሩ ኮይኖም ዘሎዉ: ንኹሉ በሪሁሉ ሰለ ዘሎ ህዝቢ ኤርትራ በታ ንሃይለስላሴን መንግልቱን ኮራኹሮምን ዘርዓደት ሰውራዊት ሓለንጊ ባዕሉ ኣመቶም ክገብር ስለ ዝኾነ ብዙሕ ኣየሰክፈናን እዩ እንዳበልኩ ጽሑፈይ ይቕጽል።

4- <u>እቲ መንገዲ ትኽ ኢሉ ወየ መንገደኛ ደኣ ናበይ ኣቢሉ ከምዝበሃል: እቶም ኩሎም ጻዕርታት ናይ ሓድነት ሓይልታት ሰውራ ደኣ ናበይ ኣቢሎም ኣበይ ዓለቡ ንዝብሉ:</u> ካብ 1974 ክሳብ 1990 ዝተኻየደሎም ናይ ሓድነት ጻዕርታት ብጀካ እቶም ብሳግም ዝፍለጡ ግዙፍ ሓይሊ ኣካል ናይ ጀብሃ ኣብ ካላኣይ ውድባውን ሓድነታውን ጉብኤ ህዝባዊ ግንባር ኣብ ሓደ ስምምዕ በጺሖም ዝተጠርነፉ እቲ ኻልእ ኣብ መንጎ ክልቲኡ ውድብ ዝነበረ ዝምድና እንዳዛሕተለ ከይዱ ኣብ መወዳእታ ኣብ ዕጽው ማዕጾ በጺሑ ፍረ ከይተረኽቦ ናይ ሕሉፍ ታሪኽ ኮይኑ ተርፉ። ናይ ምፍሻሉ ከከም ዝመስለካ ክትንትን ትኽእልኢኻ ብወገነይ ዝብሎ ግን ብሸንኽ ክልቲኡ ውድባት ነቶም ክስገሩ ዝኽእሉ ጉዳያት ብሓጺር ዘይኮነ ብነዊሕ ጠመተ ኣብ ሃገር ጸገማት ከምጽኡ ዝኽእሉ ተራእዮም ምእንቲ ዛሃገር ኢልካ ልቢ ኣዕብኻ ሕድገታት ዘይምግባር እዩ ነይሩ ክብል ይኽእል።

ኣብቲ ዓመት'ቲ ብፍላይ ድሕሪ ናይ ባረንቱን እቲ ዓለም ዝመስከረሉ ስርሒት ህዝባዊ ሰራዊት ሓመድ ድብ ናደው እዝ ኣብ ኣፍዓበት: ከምኡ ውን ድሕሪ ባጽዕ ምትሓዝን: ኣብ ግንባር ጊንዳዕ ይኹን ደቀምሓረ ዓቢ ምርብራብ ኣብ ዝካየደሉ ዝነበረ ግዜ: ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ብጀካ ኣብ ጋሽን ዶብ ሱዳንን ዝነበራ ውሑዳት ሓይልታት ዳርጋ ንነዊሕ ዓመታት ዝኣክል ኣብ ሱዳን ሃሊና ወላ'ካ ፖሎቲካዊ ንጥፈታት ነካይድ እንተነበርና ምስቲ ናይ ጸላኢ ዝፍተን ዝነበረ ተዳጋጋሚ ወራራትን ንዑኡ ንምብዳህ ብህዝባዊ ግንባር ዝካይድ ዝነበራ ሓያል ኪናት ምራኣይ ዕጉባት ኣይነበርናን፡ እምበኣር ኣብ ከምዚ ዛኣምሰሉ ኩነታት: ኣነ ምስ ነብሰይ ደው ኢለ ነብሰይ ንኽግምግም ግዜኡ ኮይኑ: ክልተ ምርጫታት ኣብ ቅድመይ ደው ኢሎም መልሲ ተጸብዮሙኒ፡ ናይ ብሓቂ ፈተነ እዮም ነይሮም ንዓይ: እቲ ሓደ ንኹሉ ገዲፈ ናብታ ክብርቲ ብዓልቲ ቤተይ መቃልስተይ ሰለስተ ደቅናን: ድሮ ኣብ ሃገር ሽውደን ተቐባልነት ረኺቦምስ ንዓይ ውን መንግስቲ ሽወደን ስድራቤት ብሓደ ክትጥርነፍ ኣሎዋ ዝብል መትከላዊ እምነቶም ሒዞም ተቐቢሎምንስ ናይ መገሻ ሰነድ ሰዲዶሙለይ ብምንባሮም: እቲ ካላኣይ ነቶም ኩሎም መንእሰያት ካብ ስሳታት ኣትሒዘ ንክስለፉ ኣታባብዐ ሓላፊ ኮይነ ኣብ ሜዳ ጸኒሐ ዝተቐበልኩዎም እሞ ብዙሓት ካብኣቶም ብጅግንነት ኣብ ዓውደ ውግእ ዝተሰውኡ ሓመድ ኣዳም ክለብሱ እንዳነባዕኩ ዘፋንኹዎም ኩሎም ተዘኪሮሙኒ ኣይፋልካን ውዲ ብላታ ዝብል መንፈሳዊ መልእኽቶም ኣብ እዝነይ ኣብ ኣእምሮይ ኣብ ኩሉ ህዋሳተይ ምስ ካሕኩሑኒ ናብቲ ምርብራብ ዝካየደሉ ዝነበረ ሜዳ ኤርትራ ክኸይድ ምስ ህ, ግ, ሓ, ኤ, ኮይነ ጉዕዞ ቃልሰይ ክቕጽል መሪጸ። ኣነ ዝወሰዶ ፖሎቲካዊ ምርጫይ ከኣ ኣነ ዝዓገብኩሉን ዝተቐበልኩዎን ናይ ምውሳኑ ሕቶ ኣነ ስለ ዝምልሾ ኣነ ጥራሕ እየ ዝውንኖ። ስለ'ዚ ኣብ መጀመርታ ናይ 1991 ኣነን ብጻይ መሓመድ

እድሪስ ሑመዳይን ኣዋጅ ኣውጺእና ንህዝቢ ኣፍሊጥና ጉዕዞ ቃልስና ቀጺልና።
ኣብ 1991 ወርሒ ጉንበት እታ ታሪኻዊት ዕለት ምሉእ ናጽነት ኤርትራ ምስ ተረጋገጸ ንህዝቢ ኤርትራን ዓለአምን ብኣዋጅ ቁጽሪ ሓደ ብፕራሲደንት እሰያስ ተገሊጹ ኤርትራ ኣብ ቁዋም ዝተሞርከሰ ብህዝባዊ ስልጣን ክትምራሕ እያ ኩሉ ኤርትራዊ ኣብ ዝኾነ ይኹን ውድብ ወላ ይንበር ብዘየገድስ ክሳተፍ ምሉእ መሰል ኣሎዎ ተባሂሉ ህዝቢ ብዓቢ ሓጎስ ተቐቢሉዎ ጽቡቕ እዩ ዝመስል ነይሩ እቲ ኣንፈቱ። ካብ መጀመርታ ብረታዊ ቃልሲ ኣብቂዑ ዝለዓለ ጭርሖ ሃገር ዳግማ ህንጻ ንሓዳሽ ኤርትራ እዩ ነይሩ: ብዙሓት መደባት ስራሕ ተሓንጺጾም ንትግባረኦም ብዓቕሚ እቲ ምኩሕ ኤርትራዊ ዜጋ ክሰላሰሉ ሓላፍነት ምስ ኮነ ብኒሕን ብሓቦን ብልዑል ሕልናን መርሓባ ኢሉ ብዓቢ ዕልልታን ጨብጨባን ተቐቢሉዎ: ንፕረሲደንት እሰያስ ኣጆኻ ምራሕ ንቕድሚት ሰጉም ብተወፋይነት ክንክተለካ ኢና ነቶም ዝኣወጅካዮም ዓበይቲ ሓገራዊ መደባት ከም ቀደምና ክንዋሳኣሎም ኢና ኣጆኻ ሰጉም ምሳኻ ክንስጉም ኤረና ክትዕምብበልና: ጽቡቕ እዩ ዝመስል ነይሩ እቲ ኣባጋግሳና።

ኣብ 1993 ንዝያዳ መራጋገጺ ሕቡራት መንግስታት ዓዲምና ረፈረንዱም ኣካይድና ህዝብና ተቐቢሉዎ ተዋሲኡሉ ብዓቢ ሃገራዊ ሕልና ኣዐዊቱዎ: ውጽኢቱ 99,9% ዘኹርዕ ዘሐብን ኮይኑ ብዓጀባ ንዓለም ተገሊጹ; ልዑላውነትና ኣረጋጊጽና ዓለም መስኪሩልና ኣብ ሕቡራት መንግስታት ዓለም ብኽብሪ ቦታ ተዊሂቡዋ; ባንደራን ኣኣንበልቢላ ምልክት ጅግንነትና።

ኣብ 1994 ሳልሳይ ውድባዊ ጉባኤ ህዝባዊ ግንባር ኣካይድና ጽቡቕ ኣዩ ዝመስል ነይሩ ኩሉ'ቲ ኣንፈትና: ንሕቶ ህዝቢ ዝምልሽ ናይ ነዊሕ ጠመተ ኣብ ኤርትራ ሕግን ዴሞክርስን ማሕበራዊ ፍትሕን ክነግስ ሓንጺጽና ተበጊስና ጽቡቕ'ዩ ዝመስል ነይሩ'ቲ ኣንፈቱ: ኣብ ኣውራጃታት ህዝባዊ ምርጫታት ተኻይዶም 75 ንህዝቢ ዝውክሉ ኣባላት ተመሪጾም ዝተደመሮም 75 ኣብላት ማኣከላይ ሽማግለ 150 ሃገራዊ ባይቶ ኣቚምና ከም ሓጋጊ ኣካል ስራሕና ጀሚርና* ኣብ ኤርትራ ንህዝቢ ዝውክሉ ሰለስተ ሕጋዊ ስልጣን ሃልዮም ንሶም ሓጋጊ: ፈራዲ: ፈጻሚ ክኾኑ ከሎዉ ድሕሪ ኣርባዕተ ዓመት እቲ መንግስታዊ ስልጣን ንህዝቢ ክነረክቦ ብስም ስዉኣትና ምሒልና ጥሕልና።

ሃገርዊ ባይቶ ኣብ ርእሲ'ቶም ንልምዓትን ዳግማህንጻዊ መደባትን ዝምልከቱ ክልተ ዓበይቲ ውሳኔታት ወሲዱ: እቲ ቀዳማይ ንመንነትናን ንክብርናን ንኩውንነት ሕብረተሰብ ዝገልጽ ኤርትራዊ ባጤራና ኣጽዲቕና: እቲ ካላኣይ ንቑዋም ዝምልከት ኮሚቴታት ወጺኣናሉ ኣብ ህዝቢ ወሪዱ ሰፊሕ ክትዕ ተኻይዱሎም ህዝቢ ከም መሰጋገሪ ቕዋም ዝተቐበሎም ኣብ 1996 ኣብ ማዛጋጃቤት ኣስመራ ወከልቲ ህዝቢ ካብ ውሽጥን ወጻእን ድፕሎማሰኛታት ዝተረኽቡሉ ዓቢ ጽንብል ተገይሩ ንኽትግበር ኣብ ኤድ ፕረሲደንት እሰያስ ተረኪቡዎ።

ካብቲ ዝላዓለ ነጥብታቱ ኣብ ኤርትራ ሕግን ማሕበራዊ ፍትሕን ዶሞክርስን ሃልዩም ህዝቢ ዝቕበሎም ብዙሑነት ሰልፍታትን ነጻ ፕርስን ክህሉ እዩ ዝብል ነይሩ እዚ ማልት ንኹሉ ኤርትራዊ ብማዕረ ከስርሖ ዝኽእል ክሽውን ከሎ ብፍላይ ነቶም ካብ ነዊሕ ተቓሊሶም ብሰንኪ ተቓውሞኦም ምስ'ቲ ኩሉ ዓቕሞም ንሃገሮም ክኣትዉ ዘይከኣሉ ዕድል ዝሽፍት ብምንባሩ ሃገር ዝጠልቦም ብምኻኖም ኣገደስቲ እዮም ነይሮም።

ንፖሎቲካውን ቁጠባውን ማሕበራውን ዝምልከቱ ዓበይቲ ዳግማ ህንጻዊ መደባት ተወሲኖም እዚኦም ህዝቢ ሓላፍነት ወሲዱ እዩ ዝትግብሮም ህዝቢ ክህሉ ኻኣ ናይ ግድን ቁዋም ክህሉ ኣሎዎ ህዝቢ ክዋሳኣሉ ስርዓተ ሕጊ ክህሉ ኣሎዎ። እሞኸ ደኣ መሰጋገሪ ቁዋም ፕረሲደንት እሰያስ ከም ዝተረከቦ ኩሉ ይፈልጥ ኣባላት ሃገራዊ ባይቶ ውንሓላፍነት ወሲድናሉ ኢና ስለ ዝኾነ ካብ 1997 እቲ ጉዳይ ናይ ምጉዕጻጽ ኣንፈት ከም ዘሎዎ ከነስተባህለሎም ጀሚርና ኣብ ናይ ሃገራዊ ባይቶ ኣኼባ ክንሓተሎምን ከነልዕሎምን ጀሚርና ግን ምስምስ ዝበዝሖ ዘየዕግብ መልሱ ኣይተቐበልናዮን ክንጠራጠረሉን ክንማራመረሉን

ጀሚርና: እቲ ኹሉ ተሰፉ ዝተገብረሉ መሰጋገሪ ቁዋም ደኣ ኣንፈቱ ናበይ ኣበለ: ኣበይ ተሰወረ: እንታይ ረኺቡዎ መን ተንኪሉዎ ኣበይከ ሓቢኡዎ ምስ ኩሉ ትጽቢታቱ ኣብ ዕዳጋ ኣውሪዱ ድዩ ንተጻባእቲ ዛሃገር ሸይጡዎ ወይስ ኩዒቱ ቀቢሩዎ: ምድስካላት ምስ በዝሐ ኣብያተ ማእሰርቲታት ምስ ሰፍሐ ኣጸቢቑ በሪሁልና እምበኣር እቲ ኩሉ ዓቢ ጽንብል ዝተገብረሉስ ዳንኬራ ናይ ሓሶት እዩ ነይሩ ካልእ ሕቡእ ኣጀንዳ እዩ ነይሩዎ: ነፍሲ ወከፍና በብውሽጥና ሻቕሎት ኣሕዲርና ኣባላት ባይቶ ውሑዳት ኢና ኔርና ግን ብልብና ተራኺብና: ኣብ መበል 8ይ ኣኼባ ማእከላይ ሽማግለ ብግቡእ ኣልዒልናዮም በብሓደ ተንቲንናዮም ንፕረሲደንት ግን መጠንቀቕታ ኮይንዎ ኣጸቢቑ ኣግረሑዎ ብድሕረኡ ንኣዳራሽ ባይቶ ሃገር ክሳብ ንሱ ኣብ ስልጣን ዝህሉ ዓጽዩዎ ኣጸቢቑ ሸጊሩዎ: እምበኣር  ኣቶም ኣባላት ማእከላይ ሽማግለ ሓደ መስመር ዝወሰድና: ኣነ ዝፋልጦ ጉጅላዊ ምትእኽኻብ ኣይጸንሓናን ኣብ ጉዳይ ቁዋም ጥራሕ ኢና ተራኺብና  ብዙሕ ተማያይጥና እንታይ ንግበር ዝብሉ ሕቶታት ኣልዒልና ብዕቱብ ተማያይጥና: እቲ መበል 13 ስሩዕ ኣኼባ ሃገራዊ ባይቶ ግዜኡ ኣሕሊፉ ስለ ዝነበረ ኣኼባ ክግብረልና ብግቡእ ሓቲትና: ክንሓትት ከኣ ባይቶኣዊ ሕጊ ዘፍቅደልና መሰልና ስለ ዝኾነ: ክታምና ኣንቢርና ሓቲትና ብባይቶ ተራእዮም መኣዝኖም ከይሰሓቱ መዕለቢ ክግበረሎም እዩ ነይሩ እቲ ንጹህ ሓሳብና: ግን ዝተዋህበና ኣሉታዊ መልሲ ትጋገዩ ኣሎኹም ካልእ ወሰኽ ዘይብላ: እንደግና ነቲ ዝነበረ ናይ ኪናትን ዓበይቲ ንሃገር ዝምልከቱ ተኣፈፍቲ ጉዳያትን ኣመልኪትና ሓቲትና ሓንቲ ንዕቁብ ዝኣፋ ቃል ትጋገዩ ኣሎኹም ዝብል ምስ ተደግመልና: እንታይ ንግበር ዝብሉ ብዙሓት ሕቶታት ኣልዒልና ብዑምቀትን ብሰፊሑን ተመያይጥና ኣእዳውና ኣጣሚርና ዝተዋህበና ዓቢ ሓላፍነት ረሲዕና ኣሜን ክንብል እዝስ ታእሪኽና ስለ ዘይኮነ እቲ ጉዳይ ኣብ መወዳእትኡ ናይ ህዝቢ ስለ ዝኾነ ብዕሊ ነፍልጦ ንዘርግሓሉ ዝብል ክታምና ኣንቢርና ብዕሊ ዘርጊሕና  ብጉጅለ 15 ተፈሊጥና: ብድሕርኡ ተምበርከኽቲ ንኤርትራ ክሽጡ ዝደልዩ ተባሂሉ ጭብጢ ዘይብሉ ነጋሪት ተሃሪሙ እምብልታ ተነፊሑ ውጽኢቱ ናይ ምእሳር ስጉምቲ ተወሲዱ ንነዊሕ ተቓሊሶም ዘቓለሱ ምኩራት ተጋደልትን ሓርበኛታትን ተኣሲሮም   ኣብ ዝንዛናታት ብኣረሜናዊ ኣተሓሕዛ ክሳቐዩ ይርከቡ ኣሎዉ ።

ንኣርባዕተ ዓመት ሓንቲ ዘይትቕየር መዝሙር ትደጋገም ኣላ ተምበርከኽቲ ከምኡ እንተ ኾይኑ ኣብ ቤት ፍርዲ ዘይቀርቡ ህዝቢ ሓቅነቱ ክፍለጥ: ግን እንታይ ሒዙ ከቕርቦም እንታይ ጭብጢ ኣሎዎ: ሓቅነጥ ስለ ዘይብሉ ጥራሕ እዩ ኣብ ቤት ፍርዲ ከቕርቦም ዘይከኣለ ካልእ ምስጢር ኣይህልዎን። ንምኻኑ ኣብ 1994 ኣብ ጉባአ ስልጣን ተረኪብና ድሕሪ 4 ዓምት ንህዝቢ ከነረክቦ እዩ እቲ ጉባኤ ወሲኑ ሓላፍነት ኣሰኪሙና ሕድረኹም ኢሉና ንሕና ውን ኣብ ቅድሚ ጉባኤ ብሽም ስዉኣትና ምሒልና ጥሒልና: እሞኸ ካብቲ ጉቡኡ ሾሞንተ ዓመት ሓሊፉ: መንዝሃቦ ደኣ ስልጣኑ ሒዙ ቸቼ ይብል ኣሎ: ኣነ ብወገነይ ዝብሎ ውሑዳት ሰባት  ሒዙ ኣብ ክንዲ ብሽሙ ዝጽውዑዎ ንውልቃዊ ረብሐኦም ክብሉ እቲ ዓቢ ሰባኣይ ኢቲ ዓቢ እንዳበሉ 26 ዓመት ተቓሊሱ ክብሪ ናይ ተጋዳላይ ሒዙ ዝጎዓዝ ዝነበረ ኣብ ናይ ዘመን ዲኽታቶር ቀይሮሞ ማእዝኑ ከም ዝስሕት ገይሮም ናብ ንእሽቶ ፈርዑን ናይ ኤርትራ ቀይሮሞ መሻይኽን ጳጳሳትን ከይተረፉ ብምእሳር ምልካውነቱ ኣራጋጊጽዎ ኣሎ። ከም ምስምስ ዝቐርብ እቲ ኣብመንጎናን ኢትዮጵያን ዘይተደልየ ኪናት እንተ ኾይኑ ናቱ መስርሕ ኣሎዎ ድሮ ሾሞንተ ዓመት ገይሩ ኣሎ ንኹሉ ብዘዕግብ ክፍታሓልና ንመነ  ግን ብዝኾነ ይኹን ምኽንያት ነቶም ኣብ ጉባኤ ዝተወስዱ ፖሎቲካዊ ውሳኔታት ንኽትግበሩ ሓላፍነት ዝተወስዶሎም ደው ከተብሎም ቁቡል ኣይኮነን: እታ እንኮ መፍትሒ ኮሎም ፖሎቲካዊያን እሱራት ወጺኦም እቲ ጉዳይ ኣብ መወዳእትኡ ናይ ህዝቢ ስለ ዝኾነ ህዝቢ ክፈትሖ ዓቕሚ ስለ ዘሎዎ ህዝቢ ይርከቦ ካልእ ኣማራጺ ኣይህልውን። እምብኣር ካብዚ ሓቅታት'ዚ ብምብጋስ ንኹሉ  በብታሪኹ ኣብ ሰነድ ዝቶሞርኮሰ ሓቀኛ ሚዛኑ ክንህበሉ ክንክእል ኣሎና ምእንቲ እቲ ንጽሕፎን ንዛረቦን ኣብ ክንዲ ሰብ ዘይቕበሎ ኣዕናዊ ዝኸውን ንሓድነት ህዝቢ ዝጽውዕ ሃናጺ ክኸውን ይግባእ እንዳበልኩ እታ ናይ መውዳእታ ሕቶኻ ደፊርካ መርገጽካ ኢልካኒ ግን ቦታኻ ኣብይ እዩ ብዘየገድስ: በዚ

ጽሑፈይ ኣጸቢቐ ኣነጺረልካ ይመስለኒ: ግን ምናልባት ዘይዓገብካ ከይትኸውን ንእሽቶይ ክውስኸልካ: ማለት ከምዘን ብሽም ዶሞክራሲ ተባሂሉ ኣድብየን ጸኒሐን ኣብ ሰሰሙን ትልኽ በሎኽ ዝብላ ናይ ዓለየትን ወገንን መርኣያ ኮይነን ዘለዋ እንተ ኾንካ ኣነ ብመሰረቱ ስለ ዘይኣምነሉ ናይ ከምኡ ባህርያት ውን ስለ ዘይብለይ ኣብዚኹ ይኹን ኩነታት መበል 19 ብሽም መሰል ዓልየተይ ወይ ወገነይ ዝብል ነቲ 30 ዓመት ተቓሊስና ከቢድ መስዋእቲ ከፊልና ሓድነትና ኣደልዲልና ዘረጋገጽናዮ ናጽነትናን ልዑላውነትናን ዝጻባእ ናይ ዓልየትን ወገንን ጉጅለ ምእዋጅ ከምዘፍጽሞ የብርሃልካ።

እዚ ክብል ከሎኹ ግን ኣብ ውሽጢ እዘን ውድባት ገዳይምን ምኩራት ተጋደልቲ ብብቕዓቶም ዓቢ ግደ ክህልዎም ዝኽእል ከም ዝርከቡወን እኣምን። መምዘኒ ናይ ብቕዓት ግን ኣብ ነቕ ዘይብል ሃገራዊ ዕላማኻን ኣብ ድልዱል ሓድነት ሰፊሕ ህዝቢ ዝቶሞርኮሰ ጥርናፌኻን ምሕያል ተቓውሞኻን ስለ ዝኾነ ነዘን 18 ብሽም ሰልፍታት ዝጽወዓ ኣብ ሓደ ዝጥርነፈሉ መንገዲ ክረኤ ኣብ ክንዲ ብዓልየታትን ኣውራጃዊ ወገንነትን ገዲፍና ንሕና ንውንኖ ድልዱል መሰረት ናይ ህዝባውያን ማሕብራት ምስ ሃብታም ተሞኩረኡ ስለዝነበረና ነዐአን ኣባራቢርካ ኣሐይልካ ሓድነት ህዝቢ ኤርትራ ዘውሕሰልካ እንተ ዝስራሓሉ ምሓሸ በሃላይ እየ እዚ ክዕወት እንተ ኮይኑ ኩሎኹም ከም ሰብ ትሓልምዎን ትጽበዩዎን ገዲፎኩም ምእንቲ ዛሃገር ክትብሉ ነዚ ዘንጸላልዋ ዘሎ ከቢድ ድነ ግምት ብምሃብን ሕድገታት ምግባርን ኣብ ሓደ ክጥርነፉ ተቓውሞኦም ከተሕይሉ እንዳ ጸዋዕኩ ኣነ ይኹን ካልኦት ብዙሓት ነዚ ዓቢ ተበግሶ'ዚ ንጽበዮ ዘሎና ናይ ግዴኻ ምብርካት ዓቢ ዕድል ይኽፈት። እንዳበልኩ ኣብ ተዘኩረታተይ ናይ ስሳታት ክሳብ ንራኸብ ሰላም።

ዘላለማዊ ክብርን ዝኽርን ንስዋትና:
ድሞክራሲያውን ቀዋማውን ስርዓት ንምትካል
ከይተሓለልና ክንቃለስ እና።



ኣብ እዋን ረፈረንዱም ወከልቲ ሕቡራት መንግስታት ዓለም ኣብ ዝመጽሉ ህዝቢ ኣውራጃ ኣከለጉዛይ ብዝለዓለ ፍናን እወ ንናጽነት እወ ንልዑላውነት ኤርትራ ሓጎሱ እንዳገለጸ ከሎ ዘይትርሳዕ ታሪኻዊት ዕለት።



ህዝቢ ዝተቐበሎም መሰጋገሪ ቁዋም ክትግበሩ ከምዝኾኑ ዘረጋግጽ ቃል መንግስቲ ኤርትራ፡



እወ ንዶሞክራስን ማሕበራዊ ፍትሕን መሰጋገሪ ቁዋምና ውጽኢት ቃልስና መርኣያ ሓደነትና ብተግባራዊ ተሳትፎና ከነዕውቶ ኢና፡ ሓቀኛ መርኣያ ሓድነት ህዝብና።